# 'ንትምህርትን ስራሕን ዜድሊ ክእለታት' (Skills for Education and Employment) ከምኡውን 'ፕሮግራም እንግሊዝኛ ንዓበይቲ ስደተኛታት' (Adult Migrant English Program)

## ምልክታ ምስጢራውነት

ኩሉ ዝእከብ ውልቃዊ ሓበሬታ፡ ብመሰረት *Privacy Act 1988* ፍቓድ ይውሃቦምን ክትትል ይግበረሉን። [insert name of provider] ከምኡውን Skills for Education and Employment (SEE) program/Adult Migrant English Program (AMEP)፡ ኣብ ክንዲ መንግስቲ ኣውስትራልያ (Australian Government) ብምዃን፡ ነዚ ዚስዕብ ዕላማታት ኢሎም ንውልቃዊ ሓበሬታ ክእክቡ ምዃኖም (ንውልቃዊ ሓበሬታይ ድማ ክጥቀሙ ምዃኖም) እርዳእ እየ፥

- ስልጠናን ገምጋምን፣
- መጽናዕቲ ምክያድ፣ ስታቲስቲክን ጸብጻብን ምድላው፣
- ምሕደራ ፕሮግራም፣ ከምኡውን
- ምክትታልን ምግምጋምን SEE /AMEP program።

ንውልቃዊ ሓበሬታይ፡ ነዚ ዚስዕብ ንኽህብ ንSEE/AMEP program ፍቓድ ይህበ ኣለኹ፥

- ነዚ ዚስዕብ ዕላማ ዜጠቓልል፡ ንኻልኦት ወኪላት መንግስቲ ኣውስትራልያ፥
    - መጽናዕቲ ንምክያድ
    - ንSEE /AMEP program ንምክትታልን ብዝበለጸ ንምምሕዳርን
    - ኣብ ምሕደራ ካልእ መንግስታዊ ፕሮግራማት ሓገዝ ንምሃብ፣
    - ብSEE/AMEP Program ካብ ዝውሃብ ኣገልግሎት ወጻኢ ንዝኾነ ካልእ ኣገልግሎታት ንምግምጋም።
- ንኽፍሊ ሰብኣዊ ኣገልግሎታት (Department of Human Services)፣ ወሃብቲ ኣገልግሎት ሸቕለት (Employment Service Providers) ዝኣመሰሉ ካልኦት ወኪላት መንግስቲ፡ ከምኡውን ካልኦት ኮንትራክተራት ወይ ወኪላት፡ ኣብዚ ዚስዕብ (ዝምልከት እንተኾይኑ) ሓበሬታ ንኽህባ፥
    - ኲነታት ምዝገባን ኣብ SEE/AMEP እተረኽበ ምዕባለን፡ ወይ
    - ተወሳኺ ስልጠና ንኽረክብ ደገፍ ዚህብ ተወሳኺ ምትሕልላፍ ካልኦት ትካላት ኽግበር
- ንውጽኢታት ትምህርቲ ዜረጋግጹ ከምኡውን ገምጋማት ዘካይዱ፡ ብመንግስቲ ኣውስትራልያ ኮንትራት እተዋህቦም ወሃብቲ ምርግጋጽ ብቕዓት (Quality Assurance Providers)፣ ከምኡውን
- ፍቓድ እተዋህቦም ወይ ብሕጊ ግዴታ ዘለዎም ካልኦት ሰባት፡ ኣካላት ወይ ትካላት።

በዚ ቅጥዒ'ዚ ዚእከብ ሓበሬታ፡ ነቲ ዝሃብክምዎ ዕላማ ተባሂሉ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል እዩ፣ ፍቓድ እተዋህበ ወይ ሕጊ ዜገድዶ እንተዘይኮይኑ፡ ብዘይ ፍቓድኩም ሓበሬታ ኣይክንህብን ኢና።

ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ዕለት፥ 20 ሚያዝያ 2017
እተመሓየሸሉ ዕለት፥ ሚያዝያ 2017

Australian Government
Department of Education and Training

see skills for education and employment

AMEP Adult Migrant English Program

ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ፡ ንSEE/AMEP Program (ብኽብረትኩም ኣኽብቡ) ውልቃዊ ሓበሬታ ንምሃብ የፍቅድ ኣለኹ

.................................................................................... ....................................................................................

*ክታምኩም (ተማሃራይ)* *(ናይ ሎሚ መዓልቲ ዕለት)*

.................................................................................... ....................................................................................

*ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፡ ወላዲ/መጉዚት ይፍርም* *(ናይ ሎም መዓልቲ ዕለት)*

ኣብ ላዕሊ ንዘሎ መግለጺ፡ ብኻልእ ሰብ ንዓኹም እተነበ እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ስም ናይቲ ዝሓገዘኩም ሰብ ሓብሩ።

.................................................................................... ....................................................................................

*(ስም/ኣስማት ዝሓገዘኩም/ ኹም ሰብ/ ባት)* *(ምስኡ/ኣም ዘለኩም ዝምድና)*